# ካብ ዝሓለፈ ዓመት 2018 ፣ ናብዚ ሓድሽ ዓመት 2019 ክሰግር ዘይብሉ ሕማም ኣውራጃውነት

ደማቢ ተቓውሞ ህዝብን ሃገርን ከድሕን ፡ መጀመርያ ንገዛእ ርእሱ ካብ ኣውራጃውነት ክድሕንን ክነጽሕን ኣሎዎ ። ካብ ግዜ ቓልሲ ጀሚሩ ፣ ድሕሪ ነጻነት ከኣ ነዘን ዝሓለፈ 27 ዓመታት ኣውራጆውነት ብዝተፈላለየ ሜላ ከዓቱ ህወት ዘሪኡ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ኾይኑ፣ ፍትሓዊትን ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ኣብ ረመጽ ህግደፍ ከይንምስርታ ዓንቓፍን ዓጋትን ኾይኑ ይርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሓሉ ዓመት ነይሩ ። እቶም ብጉዳይ ህዝብናን ሃገናን እንግደስ ኣብ ሚርበባት ሓበሬታን ሬድዮታትን ብሰፊሑ ተዘርጊሑ ስለ ዝነበረ ፣ ዝርዝራትን ጫብጥታትን ከቕርበርልኩም እትጽበዩ ኣይማስለንን ። እሱ ጥራሕ ግን ኣይኮነን ። እቲ ዘገርምእቶም ዘሳውርዎ ሙሁራትን ተማክሮ ቓልሲ ዘለዎም ህዝቢ ጠርኒፎም ልዑላውነት ህዝብን ሃገር ከውሕሱ እንጽበዮም ምኺኖም እዩ። ህግድፍ ካብ ግዜ ሰውራ ጀሚሩ ኣብ ሜዳ፣ ሕጂ ድሕሪ ነጻነት ከኣ ባጀት ስሊዑ ንሕድሕድና ምትእምማን ከምንጠፍእ ይሰርሓሉ ኣሎ ። ስለዚ ንሕና ኣቶም ምሁራትን ሰብ ተማክሮን እቲ ኣውራጃውነት ኣብ ሰራውር ደምና በታ ሓዚእናሉ ዘሎና ፣ ምውጻእ እንተ ኣብዩና ፣ እቲ ዕድሜና እውን ንክንሕደስ ዘይዕድም ኾይኑ ኣንተ ተሰሚዑና ፣ እቲ ሓላፍነት ነቲ ሓድሽ ወለዶ ነሰጋግሮ፣ ኣይንድከም።

ህግደፍ ከምመደብ ዝወሰዶ ንኤርትራውያን መንእሰያት በቲ ንቡር እንብሎ ኣጋባብ ስርዓተ ትምህርቲ ስለ ዘይመሃሮም ኣፍልጦን ዕድልን ንኣውራጃውነት ናይ ምቋዋም ክሓጽሮም ናይ ግድን እዩ ። ምኽንያቱ ሓድ ሓደ መንእሰያ ድሕሪ ነጻነት እተወልዱ ጫብጢ ዘይብሉ ኣብ ግዜ ቓልሲ እተፈጸሙ ጉዳያት ኣብ ውሽጦም ተሰኪሞም ነቲ ንቅድሚት ክሰጉምዎ ዘለዎም ዲምክራሲያዊ ማስሪሕ ፣ እጃሞም ከየበርክቱ ይጸልዎምኣሎ። ብዓይኒኻ ከይረኣኻ ወይ ብእዝኒኻ ከይሰምዕኻ ኣይትዘረብ ማለት ኣይኮነን ። ታሪኽ ብዝረኣዮን ዝሰምዑን ጥራሕ ክጽሓፍ ኣሎዎ ማለት እውን ኣይኮነን ። ጸሓፍቲ ታርኽ ተሚራሚሮም ብሰነዳት ኣሰኒዮም ዘቕርቡ ፣ እተምሃሩ ዜጋታት እዮም ። ስለዚ ናይ ቤላ ቤሎው ፍጻሜታት ንግዝይኡ ንጎኒ ገዲፍና ፣ እዋናዊ ሕቶ ህዝብን ሃገርን ብሓብር ንሜልስ ።

ሓደ ዜጋ ዝተፈላለየ መንነት ክህሉዎ ይኽእል ፣ ብሔር ፣ ቋንቋ ፣ ባህሊ ፣ ሃይማኖት ፣ ሕብሪ ቆርበት ፣ ወዘተ- ከምኡ እውን ኣውራጃውንት ። ኣውራጃውነት ናይ ጥምረት ስነ ሓሳቡ ካብቶምካልኦት እቲ ዝደኸመክኽውን እንከሎ፣ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ግን ብደረጃ ሃገርን ኣብቲ ውሽጢ እቲ ኣውራጅ እውነ እንተኾነ ኣሉታዊ ውጺኢት እዩ ዘመዝግብ ዘሎ። ኣውራጃውነት ከ ብከመይ ይግለጽ ? እንታይ ገደን ተራን የበርክት ኣብ ህንጻት ፍትሕን ዲሞክራስን ? ኣብ ዘሎናዮ ፖለቲካዊ ህወት ኣፍራሲ እምበር ሃናጺ ኣይኮነን ። ምኽንያቱ ጸቢብን ወገናውን ስለ ዝኮነ ። ፍትሓውን ዲሞክራሲያዊ ምኳን ዶብየብሉን ። ምኽንያቱ ንፍትሒትቓለስ እንተ

ኟይንካ ነቶም ካልኦት ኣውራጃታት እውን ከምቲ ንርእስኻ እትምኖዮ ጽብቅ ነገር ክትምኖየሎም ስለ ዘሎካ ። ሓደ ሰብ ከምዕላማ ናይ ኣውራጃውነት ኾይኑ ክቀርብ ቀሊል እዩ ። ምኽንያቱ ክዘረብን ክጽሕፍን ስለ ዝግደድ፣ ከም ማስትያት ኣብ ቅድሚኩሉ ህዝቢ ጉሉጽ እዩ ። ዕላማ ናይ ኣውራጃውነት ከኣ ይኸውን ። እዚ ሰብ እዚ ኣብ ዝኮነ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስርሑ በቶም ካልኦት ኣውራጃታት ተቀባልነት ክህሉዎ ኣይኮነን ። ስለዚ ኣብ ኣውራጃውነት ዝኣምኑ ንፍትሕን ዲምክራስን ጥራሕ ዘይኾነ ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ዝምድናታት እውን ጎዳኢቲ እዮም። እዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ተረካቢ ሕድሪ ትሑት ጽልዋ ናይዚ ሕማም ዘለዎ ይመስል ። ብማሰረቱ እዚ ጉዳይ ኣውራጃውነት ኣብ ኤርትራ እናተሳዕረ እዩ ዝመጽእ ዘሎ ፣ ክንዓቢ እንከሎና ከምዕላል ካብ ወልድና ኣብ ውሽጢ ገዛውትና ዘጥረናዮ ባህሊ እዩ። እዚ ማለት ነቶም እነዘውትሮ ሕብረተሰባት ፣ እምበር ኣብ ዝኮነት ስድራ ቤት ከምኡ ይፍጸም ማለት ግን ኣይኮነንን። እዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ካብዚ ሕማም እዚ ተገላጊሉ፣ ብኤርትራን ኤርትራውነቱ ተኣማሚኑ ክውደብን ክሰርሕን ተላዒሉ ዘሎ ተሰፋ ዘለዎ ይመስል ።

ዝኸበርኩም መንእሰያት ኤርትራ ወለድኹም ምእንቲ ነጻነት ዝኸፈሉዎ ክቡር ዋጋ ህወቶም ጥራሕ ዘይኻነ ፣ እቲ ካብ ማእ ኣፍሪቓ ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑ ዝነበረ ሺሾ ኢትዮጵያዊ ሓይሊ መግዛእቲ ብቅያን ጥበብን ተውፋይነት ዓለም ብዘደንቅ ቅዲ ዝበታተኑ ወለዲ ስለ ዝኾኑ ፡ ኩርዓት ክስምዓኹም ይግባእ ። ኣሰሮም ተኸቲልኹም ብተጻዋርነትን ምትእምማንን ተወዲብኩም ሕድሪ ስውኣትና ካብ ኢድ እዚ ከዳዕ ጉጂለ ሃገርኹም ኣድሕኑ !

ኣምላኽ ኤርትራ ሃገርና ይባርኽ

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትን

ሰናይ ዓመት 2019 ይግበረልና !